Tigrinja

# ዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እነካይደሉ ግዜ፡ ኲልና ዕዉታት ንኸውን

FÖRPACKNINGS INSAMLINGEN




ንመጠቕለሊ ወይ ጋዜጣ ንዳግመ-ምምስራሕ ኣብ እትእክብሉ ኲሉ ግዜ፡ ናይቲ ክኸውን ዘለዎ ዓቢ ነገር መጀመርታኡ እዩ።

ናይ ቀደም መኽደኒ (ባሊቃ) ጥርሙዝ፡ ንኣካላት ማካይን ናብ ዝኸውን ሓድሽ ቀጸላ ሜታል (ዚንጐ) ክቕየር ይኽእል እዩ። ጥርሑ ባኮ መሕጸቢ ሳሙና፡ ንኣብነት ሓድሽ ካርቶን ፒሳ ክኸውን ይኽእል እዩ። ናይ ትማሊ ጋዜጣ፡ ቀንዲ ዜናታት ዝሓዘ ናይ ጽባሕ ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንጥረ-ነገራት ተፈጥሮ፡ ዳግማይ ኣብ ኣገልግሎት ከምዝውዕል ብምግባር፡ ብዙሕ ጸዓት ከምዝዕቀብ ይኸውን። ከምዚ ብምግባር፡ እንቕመጠላ ዝበለጸት ዓለም ንኽንፈጥር ኲልና ንሕግዝ ኣሎና።

## ዳግመ-ምምስራሕ

ሓድሽ መጠቕለሊታት ወይ ሓድሽ ፍርያት ንምፍራይ ተባሂሉ ዳግመ-ምምስራሕ ንኽካየደሉ፡ እተኣከበ መጠቕለሊታትን ጋዜጣታትን ይወሰድ። ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታት፡ ንኣብነት ናይ ፕላስቲክ መገዓዓዚ ሳንጣታትን ዳግም እተመስርሔ መትሓዚታትን ንምሕጻብ ዜገልግል ማተርያላዊ እትዋት ክኸውን ይኽእል። ናይ ቬትሮ መትሓዚታትን ናይ ወረቐት መጠቕለሊታትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ካልእ ዓይነት መጠቕለሊታት ይኸውን። ናይ ሜታል መትሓዚታት፡ ጥርዚ መንኰርኰር ማኪና ክኸውን ይኽእል፣ ናይ ቀደም ጋዜጣታት ድማ ወረቐት ከሽነ ወይ ዝሕተም ጋዜጣ ክኸውን ይኽእል።

## ሓላፍነት ኣፍራዪ ትካል

ኣብ ስዊድን፡ ሓላፍነት ኣፍራዪ ትካል ተባሂሉ ዝጽዋዕ መምርሒ ኣሎና። እዚ፡ እቶም ንመጠቕለሊታት ዘመስርሓ ወይ ዝሸጣ ኩባንያታት፡ ንፍርያተን ንኽእኽመስርሓን ሓላፍነት ኣለወን ማለት እዩ። ኣብ Förpacknings- och Tidningsinsamlingen, FTI ድማ ኣብ ክንዲ'ዘን ኩባንያታት ኴንና ንሰርሕ። ዳግማይ ከምዝምስራሕ ንኽትገበሩን ንኣከባብያዊ ጥቕምታት ዳግመ-ምምስራሕ ድማ ብዝያዳ ንኽትርብሕሉን ንዓኹም ዝቐለለ ክኸውን ንደሊ። በዚ ጉዳይ'ዚ ዕዉታት ንኽትኮኑ ግን ንዓኹም ክንሕግዝ የድልየና እዩ።

## መደበራት ዳግመ-ምምስራሕ

FTI፡ ኣብ መላእ ስዊድን ዝርከባ ሰራሕተኛታት ንዘይብለን ኲለን መደበራት ዳግመ-ምምስራሕ ብሓላፍነት ዝኣሊ እዩ። እዚ፡ ንጋዜጣታትን ብፕላስቲክ፡ ወረቐት፡ ሜታልን ቬትሮን እተሰርሐ መትሓዚታትን ዳግማይ ንኽምስራሕ እትወስድሉ ቦታታት እዩ። ነቑጣ ኮማዊ ዳግመ-ምምስራሕ ኣብ ዘለዎ ብሎክ ኣፓርትማ ትቕመጡ እንተ'ኾንኩም፡ ንዘለኩም ጋዜጣታትን መጠቕለሊታትን ናብዚ ቦታ ክትወስዱዶ ይግባእ።

## ዝያዳ ሓበሬታ

ኣብ www.fti.se/hitta-atervinningsstation፡ ኣብ ጥቓኹም ዘሎ መደበር ዳግመ-ምምስራሕ ኣበይ ከምዝርከብ ክትፈልጡን እቲ ረስሓት ከምእተጓሕፈን ከምዝጸረይን ከተረጋግጹን ትኽእሉ። ብዛዕባ ምፍልላይ ጐሓፍ ዚምልከት መመርሒታት፣ ቪድዮታት ዳግመ-ምምስራሕ፣ ሓጋዚ ነጥብታትን ምኽርን ከምኡውን ንትካልና ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ዳግመ-ምምስራሕ ጋዜጣታትን መጠቕለሊታትን ዝምልከት ዝኾነ ሕቶታት ምስዝህልወኩም፡ ናብ kontakt@ftiab.se ኢ-መይል ብምግባር ወይ ናብ 08-566 144 00 ብምድዋል ብኽብረትኩም ተወከሱና። ብዛዕባ ዝዝፍቲ ጐሓፍ፡ ዝበስበሰ ጐሓፍ፡ ኤለትሪካዊ ጐሓፍ ወይ ካልእ ዓይነት ጐሓፍ ዚምልከት ሕቶታት ምስዝህልወኩም፡ ብኽብረትኩም ኣብ ከባቢኹም ንዘሎ በዓል-መዚ ተወከሱ ወይ ኣብ www.sopor.nu ዝያዳ ሓበሬታ ኣንብቡ።

# ፈላሊኹም

## ጉሓፉ

ብዝተኻእለ መጠን ንብዙሕ ጉሓፍ ዳግም ከነመስርሖ መታን ኽንክእል፡ ናትኩም ሓገዝ የድልየና እዩ። መጠቕለሊታት፡ ምሉእ ብምሉእ ጥርሑ ኽትገብርዎን ከተንቅጽዎን ይግባእ። ካብ ሓደ ዓይነት ንላዕሊ ነገር እተዳለወ መጠቕለሊ ምስዝህልወኩም፡ በቲ ዝበዝሐ ክፋሉ እተዳለወሉ ዓይነት ንጥረ-ነገር ርኢኹም ፈሊኹም ጉሓፍዎ። የቐንየልና።

### ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ

ንኣብነት፥ ናይ ፕላስቲክ ጥርሙዝ፡ ታኒካታት፡ ናይ ፕላስቲክ ሳንጣታት፡ ዝምላእ መዐሽጊ፡ ናይ ፕላስቲክ ብልቃጥ፡ ቆራዕራዕ ዝብል መትሓዚታትን ስትርዮፎምን።

✓ ንመወተፊታትን መኸደንን እለይዎ። እተፈላለየ ዓይነታት ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊ ንዘለዎ ሳንጣኹም፡ ኣብ ነፍስወከፉ ኽጉሓፈሉ ዘለዎ ፍሉይ መትሓዚታት ጉሓፍዎ። እዚ፡ ነቲ ድሕሩ ዝካየድ ክፋል ዳግመ-ምምስራሕ የቕልሎ።

✗ መጠቕለሊታት ዘይኮነ ካልእ ናይ ፕላስቲክ ፍርያት፡ ንኣብነት ኣቑሑ ገዛን ባምቡላታትን ዝኾነ ጉሓፍ፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጉሓፍ ተፈልዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።

### ናይ ወረቐት መጠቕለሊ

ንኣብነት፥ ባኮ ፓስታ፡ ካርቶናት ጸባን ጽማቕን፡ ናይ ወረቐት ሳንጣታት፡ ሳጹን ሳእኒ፡ ቱቦ መጠቕለሊ ወረቐት ንጽሕና ከምኡውን ብካርቱን እተሰርሐ ሳጹናት።

✓ ሰጥ ኣቢልኩም፡ ኣብ ክልተ ዕጸፍዎ። ቦታ ንምዕቃብ ድማ ነቲ ንኣሽቱ መጠቕለሊ ኣብ ውሽጢ ዓቢ መጠቕለሊ ኣእትውዎ።

✗ ጶስጣታት፡ ከም ጉሓፍ ገዛ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጉሓፍ ተቖጺሩ ከምዝፍለ ክኸውን ይግባእ። ጋዜጣታት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐትን ከምኡ ዝኣመሰለን፡ ኣብቲ ንጋዜጣታት ንምጉሓፍ እተዳለወ መትሓዚ ከምዝዋሃለል ክኸውን ይግባእ።

### ናይ ሜታል መትሓዚ

ንኣብነት፥ መትሓዚ ታኒካታት፡ ጥርሑ መንጸጊ ታኒካታት፡ መወተፊ ጥርሙዛት፡ መኸደኒታትን ጥርሑ ናይ ቀለም ታኒካታትን።

✓ ንበላሕቲ መኸደናት ኣብ መትሓዚ ታኒካታት ኣእትውዎ።

✗ ተረፍ ቀለም ወይ መጣበቒ (ኮላ) ዘለዎ ታኒካታት፡ ከም ሓደገኛ ጉሓፍ ተወሲዱ ኽፍላለ ይግባእ። ናይ ሜታል ጉሓፍ፡ ክፉላት ሻምብቆታት፡ መብሰሊ ባዴላታትን ዘይተሸፈነ ካልእ ፍርያታትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጉሓፍ ተቖጺሩ ተፈላሊዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ተመላሲ ታኒካታት፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ።

### ናይ ቬትሮ መትሓዚ

ንኣብነት፥ ሕብራዊ ወይ ዘይሕብራዊ ናይ ቬትሮ ጠራሙዛትን ብልቃጣትን።

✓ መወተፊ፡ መኸደንን ባሊቃታትን ብምእላይ፡ ኣብቲ መጉሓፊኡ ተፈላሊዩ ከምዝጉሓፍ ክኸውን ይግባእ። ንሕብራውን ዘይሕብራውን ናይ ቬትሮ መትሓዚ፡ ኣብቲ ኽጉሓፈሉ ዘለዎ መትሓዚ ከምዝጉሓፍ ግበሩ።

✗ ተመላሲ ጠራሙዝ፡ ነቲ እተታሕዘ ገንዘብ ንኽምለስ ናብቲ ዝዓደግክሙሉ ድኳን ክትመልስዎ ይግባእ። ዝበሰለ ካይላ፡ ሰራሚክስን መትሓዚ ኣብ ዘይብሉ ካልእ ፍርያትን፡ ከም ገዚፍ ወይ ናይ ገዛ ጉሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ኽጉሓፍ ይግባእ። ፈኲስ ኣምፑላትን ሻምብቆ መብራህትን፡ መብዛሕቱ ግዜ፡ ኣብቲ እትቕመጥሉ ከባቢ ኣብ ዝርከብ ሰራሕተኛታት ኣብ ዘለውዎ ማእከል ዳግመ-ምምስራሕ ክውሰድ ይግባእ።

### ጋዜጣታት

ንኣብነት፥ መዓልታውን ሰሙናውን ጋዜጣታት፡ መጽሔታት፡ ካታሎጋት፡ መዋዕውዒ በራሪ-ወረቐት፡ መዘክርታትን መጽሓፊ/ናይ ስእሊ ወረቐት።

✓ ነቲ ናይ ፕላስቲክ መጠቕለሊታትን ተጣባቒ መዋዕውዒታትን እለይዎ።

✗ ጶስጣታትን እተጠርነፈ መጽሓፍትን፡ ከም ናይ ገዛ ጉሓፍ ወይ ኽቓጸል ዝኽእል ጉሓፍ ተቖጺሩ ተፈላልዩ ይጉሓፍ። ናይ ወረቐት ሳንጣታት፡ ካርቶናትን ንዕኡ ዝመሳሰል ነገራትን፡ ናይ ወረቐት መጠቕለሊ ንኽጉሓፈሉ ኣብ እተዳለወሉ መትሓዚ ከምዝውህለል ኽግበር ይግባእ።

fti